# <u>ኩሉ የለን ኣብ ህላወኹም</u>

እቲ ውሱን ወሳኒ ብኢዱ ምስ ከበረ

ቅልጽሙ መምርሒኡ ምስ ገበረ

ሓሳብ ክቐትል ኣካል ምስ ሰበረ

ንቕድሚት ምስ መጸ እቲ ዝዓር ዓረ

ኣብ ሓደጋ ወዲቑ እቲ ዝኸበረ

ፍትሕን ዓመጽን መን ሰዓረ

ቃልሲ ቀጸለ ካብ ኩሉ ዝመረረ።

ስነ-መጎት ሓይሊ ደበለ ብዕሊ

ፖሊሲ ተቐርጸ ዘይቅቡል ደሃሊ

ከም ሮማዲ ኣስፋሕፈሐ ትምክሕታዊ በቍሊ

ሰማዒ ሰኣነ እቲ ለባም በዓል ዓቕሊ

ክብርታት ሃጕጉ ምስ ጠፍአ እቲ ጠሊ

ሩፍታ ረኸበ እቲ ጃህራም መታለሊ።

ተዋረደ ክብሪ ሰብኣውነት

ተኾልፈ ባህግታት ነጻነት

ተዓፈነ መሰላት ሓርነት

ተዘርገ ህዝባዊ ሓድነት

ሰብት ምስ ተባህለ ኣብ ጥራሕ ዜግነት።

ኣካ ረኣናዮም ፈላስፋታት ህግደፍ

ኣካ ሰማዕናዮም እወ መራሕቲ ህግደፍ

ሓንሳብ ዓፈር ፈር ተልቢጦም ኮርነፍነፍ

ውሸጠ ባዶ መልሓሶም መንደፍ።

ኣብ ነበርና ክነብሩ

ከይረሃጹ ብልሳኖም ክኸብሩ

ነጻነት ልኡላውነት እናዘመሩ

ብዘይ ባህሪኦምን ተግባሮምን ክሃጥሩ

ዘይቅቡል ተግባራት እናገበሩ

ልሳና ልሳን ሓቂ ኢሎም እንተገዓሩ

ተኽእሎ የብሎምን ሓቂ ክሰግሩ ክቐብሩ።

ብኹሉ ተቐርቂሮም እናተቐንዘው

ዕለተ ዕርበቶም እናማዕደው

ኣለና ንማለት እንተነብሑ እንተነቀው

ብልሳኖም ደኣምበር ኣብ ባይታ መዓስ ኣለው።

ሎሚ መንነቶም ቃልዕ ወጺኡ ምስተፈልጠ

ፖለቲካኦም ከም ዝሃጎኻ ግራት ምስ ተመልጠ

ከም ኣልኮሊዛቶ ዘማዕበለ ኩሉ መሓውሮም ምስ ኣንፈጥ ፈጠ

ባዶነቶም ምስተቓልዐ እቲ ብትምክሕቲ ዝተባዕጠ

ኣብ መንጎ ሞትን ምቕጻልን እናተሳሕገ እንተዕለበጠ

ግርማኡ ቀንጢጡ ግርማ ህዝቢ ምስ ቀንጠጠ

ንቕሓት ህዝቢ ምስ በረኽ ፍልጠት ምስ ተጨበጠ

መሬት ምስ ጸልመተ መድረኽ ምስ ቀወጠ።

ንኤርትራዊ ሰብኣዊ ክብረት ሃሪሙ

ልሳን ዜጋታት ብመሐንገጋ ለጒሙ

ንሕቶ መሰል ሕቶ ደሞክራሲ ትሕቲ ሃገርነት ሰይሙ

ኣብ ስልጣን ያኢ ክቕጽል ብሓይሊ ኣርዒሙ

ዜግነት ዝመሰረቱ ሃገርነት ክብል ፈሊሙ።

ንሰብ ብሰብነቱ ዘየኽብር

ቃል-ስውኣት ዘዕብር

ብጥልመት ኣብ ልዕሊ ስውኣት ዝዕንድር

ዜግነታዊ መሰል'ስ መዓስ የኽብር

ኣይኮነን ንኤርትራዊ ዜጋ፡ ንኣባል ህግደፍ'ኳ ዘይኽብር

ናይ ቀቢጸ ተስፋ'ዩ ስቕ ኢሉ ዝዓፈር።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 05-04-2017